*ህዝቢ ኤርትራ ወትሩ ምስ ተገፍዔ,ኣብ ከባቢ ሸግርኒ ብሕደጋ, ህልቀት መንእሰያት ምስ ሰሚዕኩ,ወየ ወየ ደቀየ እንዳበልኩ ማንታ ማንታ ነቢዔ,,*



*ክብረት ዝሐረሞ ኤርትራዊ መንእሰይ*
*ወተሃደራዊ ማኪና ህግደፍ ረኣዩለይ*
*ከምዕንጨይቲ ትንፋስ ከምዝይብለይ*
*ወይሉኡ ዝወለደ እንበር ኣነስ ንገደለይ,*

*ናይ ጀንዳ ህግደፍ ብደዔ*
*ሃገር ሜዕቢላ እያ ክብሉ ሰሚዔ*
*ኤርትራዊ መንእሰይ እንዳ ተገፍዔ*
*ባርነት ሜሪርዎ ደምእንዳ ነብዔ,*

*ን27 ዓመት ዘይተጸገነ ጽርግያ*
*ከምታ ጥልያን ዝሰርሐ እንድያ*
*መንገዲ ሸግርኒ ከምታ ዝገደፍናያ,*

*ን27 ዓመት ብዘይ ቅዋም,ኣበይ ኣሎ ምዕባለ*
*ካብ ማእሰርቲ ናብ ማእሰርቲ ንዓገብ ዝበለ*
*መንእሰይ ከምዕንጨይቲ, ክጓረት እንዳ ወዓለ,*

*ኣነስ ኡይ ይብል ኣለኹ;*
*ኡይ ኣባህሉኒ ደቂ ኤረ*
*ትምኣ ይንበል*
*ንታሪኽና ከህስሶ እንዳ ጸዓረ*
*ኣለና ንበል ብሕደ ነድምጺ ንባራበረ*
*ምኽልኻል ሐይልታት ኒሕ እንተ ገበረ,*

*ነቶም ዝሙቱ ኣምላኽ ኣብ ገነቱ ኣብ ጀና ይቀበሎም,, ንቤተሰብ ግዳይ ዝኾኑ መናእሰይ ጽንዓት ያሃብኩም, ጠሊ ይግደፍልኩም,እንቢ ንምልኪ እወ ንፍትሒ ንብል ዘለና ኤርትራዊያን ,ኣብስደት ንርከብ ተኻፈልቲ ሐዘንኩም,,*

------------------------------------------------------------------------------------------------------

*ኣቦ ወንበራትን ካድራትን,ተቓውሞደንበ,ተሐኤ ግንባር ነበር,እንታይ ትጽበዩ, ብዘይ ህዝቢ እንዳ ተረፈት ሃገር፡ ፡*

*ዕዉት ስርሒት ኣብ ሩባ ዓንሰባ*
*ብግብሪ ኣብዚ ኣሎ ዘረባ*
*ብበዓል ጥሕሻ*
*ንብረት ጉሒላ ተሐምሺሻ,*



*ንሜራሕቲ ወድባት*
*ሐጺር መልእኽቲ*
*ካብ ላዕሊ ንታሕቲ*
*ንናእሽቱ ንዓበይቲ,*

*ህዝብና ንሕና ኮና ሰቡ*
*ብህግደፍ ተሰሊቡ,*

*ማሰልና ምስ ተሐደገ*
*ባይቶና ምስ ተዘረገ*
*ክንዲ ንዓዲ ንደገ,*

*ሃገርና ንሕና ኮና ሰባ*
*ጥራይ ዘረባ*
*ፋሕ ይብል ኣሎ ህዝባ,*

*ብጀካ ቶምጀጋኑ*
*ግዳይ ኢሰያስ ዝኾኑ*
*ህዝቢ ምፅቆቢ ሲኢኑ*
*ጀጋኑ እንተ ትኾኑ*
*ዘይትውስኑ,*

*ተቓውሞ ደንበ, ትእዛዝ ናይ መን ንጽበ, ኣብ ሐቂ ዝተሞርኮሰ, ሃናጺ ኮይኑ ዝስመዓኒ,ንዓይ ከም ዝማስለኒ, ብሽም ቶም ጀጋኑ, ትእዛዝ ተቐቢሎም,ዕርዲ ኣፍሪሶም ዝወደቑ,ሽምረኺብኩምእንበር,ምውሳን ምስ ሰኣንኩም,ጀጋኑ ከምዝይ ኮንኩም,ሎሚስ ምዚናኩም ፡*

*ህዝቢ እንዳጸነተ*
*ከምጅግና ዓዋተ*
*ዘይትብሉ ክተተ,*

*ድሕሪ ተሐኤ*
*ብደምዝጸምኤ*
*ኤርትራዊእንዳ ጠፍኤ,*

*ኣቱም ደቂ ኤረይ ደለይቲ ሰናይ, ንሕቶ ምዃሹ,እዞም ኤርትራዊያን ክንደይ ንዕሹ,ዓዶም ገዲፎም ብእግሪ ኣያ ዑቑባይ ምስ ተሰደዱ,,ዝገደደ ብኢዱ እግሪ እግርና ስዒቡ,ስኒት ከሊኡና, እዋሕስ ኣግብእ ምግል ዶ ሕሹ, ገለ ንዝና ዲክታቶር ሽምና ንባላሹ፡ ፡*

*ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና, ዓወት ነቲ ደምዝነብዕ ዘሎ ህዝብና,ናይ ቶምደምዘንብዕ, ዕንወቶምየርእየና, ኣሜን ኣሚን, ግጥሚብዉሽጡሑሩር በርሀ ዑቅባዝጊ ሃገር ጀርመን፡ ፡*